**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

17 **መስከረም** 2013 **ዓ.ም.ግ.**
27 **መስከረም** 2021 **ዓ.ም.ፈ.**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ**2014-274

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ምስ ኮሮና ዝተተሓሓዘ ገደባት ተላዒሉ፥

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፥

ብመጀመርታ እንቋዕ ናብ ብርሃነ መስቀሉ ብሰላም ኣብጸሓና እንዳበልና፡ ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን፡ ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኩሉ ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም። ኣረጊት ዘመን ሓሊፉ ብሓዲሽ ክትካእ፡ ፈታኒ ናይ ኮሮና ጊዜ'ውን ሓሊፉ፥ ዘመነ ማርቆስ ዘመነ ጥዕናን ሰላምን፣ ዘመነ ፍቕሪን ሓድነትን ምስ ዓወት ክኾነልኩም ሰናይ ትምኒትና ነመሓላልፈልኩም።

ካብ'ዚ ብምቕጻል እቲ ንልዕሊ ዓመትን ፈረቓን ካብ ቤተክርስትያኑ፣ ካብ ናይ ሥራሕ ቦታኡን መገሻታትን ንሕዝቢ ገዲቡዎ ዝጸንሐ ሕማም ኮሮና፡ ፍቓድ መድሓኔዓለም ኰይኑ፥ ካብ ዕለት 25 መስከረም 2021 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ፥ ናብ ቤተክርስትያንና ምምጻእ ክግድበናን ክኽልክለናን ከም ዘይክእል ተረጋጊጹ ኣሎ። ክብሪ ንመድሓኔዓለም ይኹን።

ናብ ቤተክርስትያንኩም ደብረሰላም መድሓኔዓለም ብዘይ ምምዝጋብ፡ ነጻ ክትኣትዉን ክትወጹን ከም ዝከኣል እንዳ ኣበሰርና፡ ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ነጥብታት ምስኡ ከነመሓላልፍ ንደሊ፥

- ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያንና፡ ከም'ቲ ሥርዓት ቤተክርስትያን ዘፍቅዶ፡ ኣብ ነጻ ኩፉ መበሊ ብዘይ ገደብ ኮፍ ምባል ይከኣል ኢዩ። ይኹን ደኣ እምበር ዕጉጉ ኢልካ ኮፍ ምባል ዝምረጽን ዝድገፍን ኣይኩነን።

- ኣብ ኣዳራሽ፣ ክሽነን መመሓላለፊ ቦታታትን እውን ፍንትት ብምባል፡ እኹል ንፋስ ክኣትዎ ከም ዝግባእ ነዘኻኽር።

- ሰዓል ዝሓዞን ረስኒ ዘለዎን ሰብ (ዓቢ ይኹን ንእሽቶ)፡ ናብ ቤተክርስትያን ክመጽእ ኣይግባእን። እቲ ምኽንያት ድማ፡ እዚ ናይ ምንቅስቓስ ነጻነት ንርከብ እምበር፡ እቲ ሕማም ኮሮና ተወጊዱ ወይ ፈጺሙ ጠፊኡ ማለት ስለዘይኰነ ኢዩ።

- ኩሎም ኣገልገልቲ ቤተክርስትያን በብደርጃኦምን ሓላፍነቶምን ንዝሕብርኹም፣ ንዝገልጹልኩምን ዝገብሩዎ ማእለይቲን፡ ምትሕብባርኩም ከይፍለዮም ብኽብሪ ነተሓሳስበን ንላቦን።

- ኣብ ቤተክርስትያን ከነገልግልን ክንግልገልን እንከሎና፡ ዝጠቕሙና ቅጥዕታትን ውሽጣዊ መምርሒን ከም ዘለዉና ዝዝከር ኰይኑ፥ ንረብሓ ኩልና ስለዝኾነ ኩሉ-ሓደ ከኽብሮ ንላቦ። እቲ ቅጥዕታት ኣብ'ቲ ምልክታታት ዝልጠፎ ሰሌዳ ተለጢፉ ስለዝርከብ፡ ከተንብቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። ዝኹነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንሰበኻ ጉባኤ ክትውከሱ'ውን ንላቦ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፥ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem***
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**